# ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት

ኵሎም ኣብ ስዊዝ ዝነብሩ ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ (ሽቕለት) ኣልቦነት መድሕን ኣለዎም። ስእነት ስራሕ ዘጋጠሞም መብዛሕትኡ ግዜ ንእተወሰነ እዋን ገንዘባዊ ደገፍ ይረኽቡ እዮም ። ስእነት ስራሕ ዘጋጠሞም ኣብ ከባብያዊ ማእከል ስራሕ ክምዝገቡ ኣለዎም። (RAV | ORP)። እዚ ስራሕ ንምርካብ ሓጋዚ እዩ።

## መድሕን ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት

መድሕን ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት (ALV | AC) መንግስታዊ ትካል እዩ። ንኹሎም ሰራሕተኛታት ድማ ግዴታ እዩ። ነዚ ዝኸውን ወርሓዊ ክፍሊት ካብ ደሞዝ ብቐጥታ ይቑረጽ፡ እቲ ኣስራሒ ፍርቂ እቲ ክፍሊት ይሸፍኖ/ይኸፍሎ ። ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም ናይ ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት መድሕን ክህልዎም ኣይክእልን እዩ። ዝኾነ ስራሕ ስእነት ዘጋጠሞ ከም መተካእታ ወርሓዊ ደሞዝ ካብ መድሕን ስራሕ ኣልቦነት ይወስድ (Arbeitslosengeld | allocation chômage)። እቲ ካብ ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት ዝኽፈል ገንዘብ ክሳብ መዓስን ክንደይን ይኽፈል ኣብ ዝተፈላለየ ረቛሒታት ዝተሞርኮሰ እዩ። ንኣብነት ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ክትሰርሕ ጸኒሕካ ወይ ብምናታይ ምኽንያት ስራሕ ኣልቦ ኴንካ፧

## ኣካይዳ ኣብ ግዜ ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት

ዝኾነ ስራሕ ኣልቦ ብዝከኣል መጠን ቀልጢፉ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ(ከተማ) ክምዝገብ ኣለዎ። እዚ ቅድሚ እታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ስራሕ ክግበር ኣለዎ እንተ ወሓደ ክኣ ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሽቕለት ኣልቦነት ክግበር ኣለዎ ። ኣብ ሓደ እዋን ድማ ኣብቲ ነዚ ሓላፍነት ዘለዎ ከባብያዊ ማእከል ስራሕ ናይ ግድን ክትምዝገቡ ኣለኩም (RAV | ORP)። ኩሉ ተወሳኺ ስጉምትታት ኣብኡ ክግለጸልኩም እዩ።

## ከባብያዊ ማእከል ስራሕ

ከባብያዊ ማእከል ስራሕ (RAV | ORP) እንደገና ቀልጢፍኩም ስራሕ ንኽትረኽቡ ክሕግዘኩም እዩ። ኣብ ከባብያዊ ማእከል ስራሕ(ሽቕለት) ኣልቦነት (RAV | ORP) ዝግበር ናይ ምኽሪ ርክብ ግደታ እዩ እንተ ደኣ ተጠቃሚ ስራሕ ኣልቦነት ኴንካ። ብዘይካዚ RAV ኮርሳት ወይ መደባት ስራሕ ይህብ እዩ። ገለ ካብዚ መደባት'ውን ግዴታ እዩ። ኣብ ስዊዝ ሰሪሖም ዘይፈልጡን ስራሕ ዝደልዩን ሰባት'ውን ኣብ ከባብያዊ ማእከል ስራሕ RAV | ORP ክምዝገቡ ይኽእሉ እዮም። ገንዘባዊ ሓገዝ ግን ኣይወሃቦምን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/social-security/unemployment